




# <u>መግለጺ ሓዘን ህዝባዊ ምንቅስቃስ ከለንን ከባቢኣን ብምኽንያት ዜና ዕረፍቲ ተቃላሳቲ ሩማና ዓብዱ!!</u>

ብዕለት 08 ጥቅምቲ 2020 ርፉድ ንኩሉ ደላይ ፍትሒ ዘሕዝን፡ ብፍላይ ድማ ንስድራቤታን ናይ ቀረባ ፈለጥታን መቃልስታን ኣብ ዓቢ ስንባደ ዝሸመመ ዜና ዕርፍቲ ሓርበኛ ተቅላሲት ሩማና ዓብዱ ተቓሊሑ።

ተቃላሲት ሩማና ዓብዱ፡ ታርኻ ከም ዘዘንትዎ ካብ ግዜ ንእስነታ ኣብ ቃልሲ ዝተጸንበረት ኮይና፡ ፈለማ ንናጽነት ኤርትራ ብትብዓትን ትግሃትን እጃማ ጌራ፡ ድሒራ ድማ ክሳብ ካብዛ ዓለም ብሞት ትፍለ ኣንጻር ውልቀምልካዊ ስርዓት ብምስላፍ: ሃገርና ኤርትራ ፍትሓዊትን ዴሞክራስያዊትን ንምግባራ ብዓቢ ናይ ቃልሲ ወኒ ትጎይ ዝነበረት ሃገራዊት እያ።

ብስደት ናብ ሃገረ ጀርመን ካብ ትኣቱ ወላ እኳ ውሑድ እብተገበረት: ከይተጋየሸት ኣብ ብዙሕ ኣኼባታትን ንጥፈታትን ተዋሲኣ እያ። ብፍላይ ምስ AAN Media Network ዝበሃል ናይ ኤርትራውያን መርበብ ሓበሬታ ብሙኻን ዓበይቲ ኣኼባታት ደለይቲ ፍትሒ: ሰለማዊ ሰልፍታትን ካልኦት ንጥፈታትን ሰኒዳ። ናይ ቃልሲ ወኒ ኤርትራውያን ንምብራኽን ትምህርታዊ መልእኽቲ ንምሕላፍን ምስ ሓያለ ተቃለስቲ ቃለ መሕትት ኣካይዳ። ንምንቅስቃስና ሓዊስካ ኣብ ሃገረ ጀርመን ብፍላይ ኣብቲ እትነብረሉ ዝነበረት ኣውራጃ NRW ዝረከባ ከተማታት ኣብ ዝገብርኦ ናይ ህዝቢ ኣኼባታት ብንጡፍ ተሳትፎኣ ኣማዕሪጋቶ እያ። ብጸይትና ሩማና ዓብዱ ብሕጂ ብዙሕ ከተበርክት እንዳተጸበናያ ከለና: ኣብ ሓጺር እዋን ብሃንደበት ካባና ምፍላያ: እቲ ክሳራ ብዓቢኡ ንንእስነታን ስድራቤታን እኳ እንተኾነ: ንዓና ውን ከም መቃልስታን ፈተውታን መጠን መሪር ሓዘን ይስመዓና። ከም ጋል ኣንስተይቲን ናይ ሜድያን ሰብን፡ ትግሃታን ትብዓታን ብዓቢኡ ድማ ተቃላሲት ብጸይቲ ብምስኣና ኣብ ቃልሲና ዓቢ ሃጓፍ ከምዝተፈጥረ ንሓስቦ።

በዚ ኣጋጣሚ መጀመርያ ንስድራቤታ: ቀጺልና ድማ ንኩሎም ፈተውታን መቃልስታን ብዓቢኡ ድማ ንደምበ ደላይ ፍትሒ ጽንዓት ይሃቦም ይሃበና!!

ንበጸይትና ሓርበኛ ተቃላሲት ሩማና ዓብዱ ዘልኣማዊ ዕረፍቲ ንምነየላ!!!

ህዝባዊ ምንቅስቃስ ከለንን ከባቢኣን
09 ጥቅምቲ 2020
ከለን ጀርመን

